



# ኣብ ግዜ ኮቪድ-19 ንእንስሳኹም ጥዕኑኡ ምሕላው

ኣኽላባትን ደማሙን በቲ ኮቪድ-19 ዘምጽእ ቫይረስ ክልከፉ ይክእሉ እዮም።

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣኽላባትን ደማሙን ንሰባት ኮቪድ-19 ከምዘልግብሎም መርትዖ የሎን።

ንእንስሳኹም ልክዕ ከም ናይ ስድራኹም ተኸላኸሉሉ።

ምጉዳል ዝርገሐ ኮቪድ-19 ብክታበት ድማ ብተወሳኺ ንዓኹምን ንእንስሳኹም ይከላኸል። ስለ’ዚ ብኽብረትኩም ተራኹም ምስ በጸሐ ተኸተቡ።

# እንተድኣ ኮቪድ-19 ኣለኩም ኮይኑ ወይ ድማ ናብ ኮቪድ-19 እንተድኣ ተቓሊዕኩም

ካልእ ኣባል ስድራ ንእንስሳኹም ከም ዝከናኸን ግበሩ።

ንእንስሳኹም ምክትታል እንተድኣ ደሊኹም፣ ናይ ቀረባ ምትንኻፍ ኣወግዱ (ከም ሙሕቛፍ፣ ምስዓም፣ ምስኦም ኣብ ሓደ ዓራት ምድቃስ)፣ ኣብ ጥቐኦም ክትኮኑ ከለኹም ማስክ ግበሩ፣ ቅድምን ድሕርን ንፆኦም ምክንኻን ወይ ድማ ናቶም ኣቕሑ ድሕሪ ምትንካፍኩም ኣእዳውኩም ተሓጸቡ  (መግቢ፣ ናብዮት፣ ሽሓንታት፣ ባምቡላታት ወዘተ።)።

እንተተኻኢሉ ንእንስሳታት ንደገ ኣይተውጽእዎም፣ ከምኡ ድማ እንስሳኹም ከም ድላዩክዛወር ኣይተፍቅዱሉ።

እንተድኣ እንስሳኹም ዝሓመመ መሲሉ፣ ን ሓኪም እንስሳ ጸውዑ።